ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
*ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን*

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية
مكتب الإعلام والثقافة

**Eritrean National Salvation Front**
*Information and Cultural office*

## ካብ ስዑዲያ ዝተባረሩ ኤርትራውያን
## ኣብ ክልተ እብረ ናብ ኢትዮጵያ ኣቲዮም፡

ንስርዓት ህግደፍ ራሕሪሖም ሂወቶም ንምድሓን፡ ርእሶም ክኽእሉን ቤተ-ሰቦም ክሕግዙን መታን ብባሕሪ ኣቋሪጾም ናብ ስዑዲያ ካብ ዝተሰደዱ መንእሰያት ኤርትራውያን፡ መንግስቲ ስዑዲያ ሕጋዊ መንበሪ ፍቓድ ስለዘይነበሮም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዳጕንዎም ናብ ኤርትራ ክባርሮም ካብ ዝኣሰሮም ኤርትራውያን፡ ኣብ ክልተ እብረ ናብ ኣዲስ ኣበባ ብሰላም ኣቲዮም። 5 መንእሰያት ኣብ ቀዳማይ እብረ ብዕለት 25 ነሓሰ 2010 ከኣትዉ እንከለዉ፡ 7 ድማ ኣብ ካልኣይ እብረ ብዕለት 26 ነሓሰ 2010 ኣቲዮም። ብጠቕላላ 12 መንእሰያት ስደተኛታት ካብ ስዑዲያ ናብ ፈታዊት ሃገር ዝኾነት ኢትዮጵያ ብሰላም ኣቲዮም። ገሊኦም ዓመት ዝተኣሰሩ'ዮም።

ኣብ ቤት ማእሰርቲ ስዑዲያ ዝርከቡ ኤርትራውያን፡ መንግስቲ ስዑዲያ ናብ ኤርትራ እንተባሪርዎም ሂወቶም ኣብ ሓደጋ ከም ዝወድቕ ብምርዳእ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቶም ብወለንታኦም ናብ ኢትዮጵያ ክመጹ ንዝደልዩ ክቕበሎም ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ምስ ሰበ ስልጣን መንግስቲ ኢትዮጵያ ሓያል ጻዕርታት ከካይድ ጸኒሑ'ዩ። ከም ዝዝከር ድማ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝምድናታት ኣሕዋት ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ናብ ንቡር ሕውነታዊ ዝምድና ንምምላስን ንምሕያልን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሰጊሮም ኣብ ኢትዮጵያ ዑቕባ ንዝሓቱ ኤርትራውያን ትቕበልን ተጽልልን፡ ኮምኡ'ውን መንግስቲ ምስሪ ናብ ኤርትራ ከባርሮም ካብ ዝሞቐሖም ኤርትራውያን ብወለንተኦም ናብ ኢትዮጵያ ክመጹ ንዝደለዩ ኤርትራውያን ሓንጎፉይ ኢላ ትቕበሎም ኣላ እያ። እዚ ካብ ስዑዲያ ምቕባል ድማ መቐጸልትኡ ዝኾነ ሰናይ ሰብኣዊ ተግባር'ዩ።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ተጋዳላይ ኣሕመድ መሓመድ ናስር ኣቦ-መንበር ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ንህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ልዑል ምስጋና የቕርብ። ከምኡ'ውን ኣሕመድ ናስር ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ጎረባብቲ ህዝብታት ጥራይ ዘይኮኑስ፡ እንተላይ ሓባራዊ መጻኢ ረብሓ ስለ ዘለዎም፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ መዳይ ምምሕያሽ ዝምድናታት ኣሕዋት ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብቐጻሊ ዝኽተሎ ዘሎ ቅኑዕ ፖሊሲ፡ ንፖሊሲ ኲናት ስርዓት ህግደፍ ዝሰዓረን ንጥዑይ ሰላማዊ ብሓባር ምንባርን ምቹእ ባይታ ዝፈጥርን ምዃኑ ደጊሙ ኣረጋጊጹ።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
29 ነሓሰ 2010